ትካልና ፍረ ስውኣት ኢንዳስትሪ ሓ/ዝ/ው/ማሕበር ፍቃድ ኦዲት ግልጋሎት ዘለዎም ኦዲተራት ኣወዳዲሩ ናይ 2011 ዓ/ም በጀት ዓመት ኦዲት ክገብር ትደልይ። ስለዚ ኣብዚ ጨረታ ክሳተፍ ትደልዩ ተወዳደርቲ ከማልእዎ ዝግባእ፤

ዝወፀሉ መዓልቲ: ዓርቢ ሰነ 7, 2011 (ልዕሊ 6 ዓመታት)
ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሶኒ ሰነ 10, 2011 04:00 ቅደሚ ሰዓት (ሓሊፉ)
ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:5000
ቦታ:መቐለ
ናይ ደኩመንት ዋጋ:100
ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሶኒ ሰነ 10, 2011 04:30 ቅደሚ ሰዓት
መደብ: ኣካውንቲን ተዛማድኡን/ ኦዲት ተዛማድኡን/

1 በቲ ዘርፊ ናይ ኦዲት ግልጋሎት ምሃብ ዝተሓደሰ ናይ 2011ዓ/ም ንግዲ ፍቃድ ዘለዎ፣ ብኢትዮጵያ ኣተሓሕዛ ሒሳብን ኦዲትን ቦርድ ናይ 2011ዓ/ም ዝተሓደሰ ናይ ኦዲት ፍቃድ ዘለዋ ናይ ግብሪ ከፋላይ መለለይ ቁፅሪ ዝተመዝገብኩምን ቲን ሰርቲፊኬትን ክተቅርቡ ትክእሉ፤

2 ዝተሓደሰ ናይ መቅረባይነት ሰርቲፊኬት ዘለኩም፤

3 ካብ ኢንዳስትሪ መፍረይ ምህርቲ ትካላት /Industry Company/ ኦዲት ዝገበር ምዃኑ ዝሕብር መረዳእታ ዘቅርብ፤

4 ኣብ ናይ ንብረትን ካዝናን ቆፀሮ ሰነ 01 2011ዓ/ም ከረክብ ዝክእል፤

5 መወዳደሪ ዶኩመንት ስርዝ ድልዝ ዘይብሉ ቢድ ቦንድን ብዝተዓሸገ ፖስታ ናት ትካልን ሽምን ኣድራሻን ማህተምን ፌርማን ክህልዎ ይግባእ ብተወሳኪ ኣብ ጥቃ ዓይደር 03 ኢንተርፕራይዝ ማይ ሃብቲ ጥቓ ኣብ ዝርከብ ትካል ኦርጂናልን ኮፒን ብምፍላይ ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓት ካብ 05/10/2011ዓ/ም ክሳብ 10/10/2011ዓ/ም ክሳብ ሰዓት 4፡00 ኣብ ትካልና ኣብ ዝርከብ ጨረታ ሳጥን ኣታዊ ክገብር ይግባእ።

6 ጨረታ ዝክፈተሉ ዕለት 10/10/2011ዓ/ም ሰዓት 4፡30 ይከውን፡

7 ጨረታ ሰዓራይ ተባሂሉ ካብ ዝተገለፀሉ ዕለት ጀሚሩ ድሕሪ 3ተ ናይ ቅሬታ መዓልቲ ኣብ ውሽጢ 5ተ ናይ ስራሕ መዓልቲ ውዕሊ ዝኣስር፤

8 ተጫረቲ ዘይምለስ 100.00 ብር እናከፈልኩም ካብ ፍረ ስውኣት ኢንዱስትሪ ሓ/ዝ/ው/ማሕበር ናይ ጨረታ ሰነድ ክትወስዱ ትክእሉ፤

9 ተጫረቲ ናይ ጨረታ ውሕስና መኽበሪ 5000.00 ሽሕ ብር ብሲፒኦ ወይ ኣብ ኩነታት ዘይተመስረተ ብናይ ባንኪ ውሕስና ወይ ብጥረ ገንዘብ ክትሕዙ ኣለዎም፤

10 ተጫረቲ ወይ ተወከልቶም እንተዘይተረኪቦም ትካልና እቲ ጨረታ ናይ ምክፋት መሰል ኣለዎ።

11 ኣብ ጨረታ ንክይሳተፍ ቢሮ ትልምን ፋይናንስን ክልል ትግራይን ክልል ትግራይ ዋና ኦዲተር ዝተኣገደ ኦዲት ግልጋሎት ወሃቢ ትካል ናይ እግድ ግዚኡ ዘይተወድአ ወይ እግዱ ከይተልዓለሉ ክወዳደር ኣይክእል።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

12 ትካልና ነቲ ጨረታ ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ ብክፋል ይኩን ብሙሉእ ናይ ምስራዝ መሰሉ ሕሉዉ እዩ።

ንዝበለፀ ሓበሬታ ብስ.ቁፅሪ 0914-729036 ምድዋል ይከኣል።

© *መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ።* 2013 - 2026 Made with love in Mekelle